# ኣብ ተሌፎንኩም ወይ ናይ ኢንተርኔት ኣገልግሎትኩም ጸገም ኣለኩም ድዩ?

ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና።

**tio.com.au**
1800 062 058

Telecommunications Industry Ombudsman



# ብዛዕባ ተሌፎን ወይ ኢንተርኔት ኣገልግሎት ዝቐርቡ ጥርዓናት ኣብ ምፍታሕ ክንሕግዝ ንኽእል።

## ነጻን ገለልተኛን ኣገልግሎት ወሃብቲ ኢና። እዚ ማለት ገንዘብ ኣይትኸፍሉን ንሕና እውን ኣይነዳሉን።

**ናይ ተሌኮሚኒኬሽን ኢንዳስትሪ ጥርዓን ሰማዒ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ:**

- **ኮንትራክታት:** ንዘይረኸብኩምዎ ካልእ ነገር ተሰማዕሚዕኩም ኔርኩም ዲኹም?
- **ቢላት:** እቲ ጸገም ናቲ ቢል ድዩ ወይስ ኣብ ምኽፋል እዩ እቲ ጸገምኩም?
- **ስሕተታትን ናይ ኣገልግሎት ኣጸጋምነትን:** ተሌፎንኩም ወይ ናይ ኢንተርኔት ኣገልግሎት ኣይሰርሕን ዘሎ?
- **ናይ ርክብ ምቁራጽ:** ተሌፎንኩም ወይ ኢንተርኔትኩም ተቖሪጹ ድዩ?
- **ናይ ዕዳ ምእካብ:** ዘይናትኩም ዕዳ ንክትከፍሉ ትሕተቱ ኣለኹም ዲኹም?
- **ናይ መሸጣ ተግባራት:** ዋግኡ ዘይትኻእልዎ ትልሚ ወይ ኣቕሓ ክትከፍሉ ዶ ተሓቲትኩም ኢኹም?

Telecommunications Industry Ombudsman

## ምሳኹምን ምስ ኣቕረብትኹምን ከመይ ምስራሕ ይከኣል

ንስኹም፣ ወይ እቲ ትጽውዕዎ ዘለኹም ሰብ፣ ተሌፎን ወይ ኢንተርኔት ዝጥቀም እንተኾይኑ ክንሕግዘኩም ኢና። ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ንእሽተይ ቢዝነስ ዝጥቀም ኣገልግሎት ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምዚ እዩ ዝሰርሕ:

1. ነዚ ጥርዓን ምስ ኣቕራቢኹም ክትፈትሕዎ ትኽእሉ።
2. ነዚ ጥርዓን ምስ ኣቕራቢኹም ክትፈትሕዎ እንተዘይክኢልኩም፣ ደውሉልና።
3. ነዚ ጥርዓን ክንፈትሖ ዲና ኣይንፈትሖን ባዕልና ንውስን።
4. ነዚ ጥርዓን ንምፍታሕ ምሳኹምን ምስቲ ኣቕራቢን ብሓባር ንሰርሕ።
5. ንስኹምን እቲ ኣቕራቢኹምን እንተዘይተሰማዕሚዕኹም፣ እቲ ጥርዓን ሰማዒ ነዚ ጥርዓን ከመይ ከምዝፈትሖ ክውስን ይኽእል እዩ።

## ሰብ ክሕግዘካ ምግባር

ካልእ ሰብ ንዓኹምን ወይ ንቢዝነስኩም ወኪሉ ክጠርዐልኩም እውን ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም ፣ ከም መሓዛ፣ ናይ ቤተ ሰብ ኣባል ወይ ናይ ፋይናንስ ካውንስለር። ንናይ ውክልና ቅጥዒታት ብተሌፎን ሕተቱ ወይ ኣብ ዌብሳይት ርኸብዎም።

## ርኸቡና

ብዌብሳይትና ኣቲኹም ጥርዓን ክተቕርቡ ትኽእሉ ኣብ www.tio.com.au ወይ ናብ **1800 062 058** ብምድዋል።

ናብ PO Box 276, Collins Street West, VIC 8007 ደብዳበ ትልእኹ ወይ ናብ 1800 630 614 ፋክስ ግበርዎ።

ካብ ኢንግሊሽ ወጻኢ ካልእ ቋንቋ እንተደሊኹም፣ ናብቲ ናይ ትርጉምን ምስትርጓምን ኣገልግሎት ብ **131 450** ደውሉ ምሳና ንክትዘራረቡ ክሕግዙኹም እዮም። ነጻ ኣገልግሎታት እዮም።

ልዕል ክብል ናብ ዘሎ ቁጽሪ ሞባይል ተሌፎን ምድዋል ከፍሊት ክህልዎ ይኽእል እዩ።